ሓበሬታ



ዝኾነ ሕቶ ኣለኩም ድዩ፣ ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ትደልዩ ዲኹም?

www.buurtbemiddelingdijkenwaard.nl

ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ናብዚ ዝስዕብ ኢ-መይል ለኣኹ፡

info@buurtbemiddelingdijkenwaard.nl

ወይ ድማ ምስ Wonen Plus Welzijn ርክብ ግበሩ፡

0224-273140

ሽምግልና ከባቢ Dijk en Waard ብ Wonen Plus Welzijn ዝፍጸም ኮይኑ፣ ናይ ማእከል ምክልኻል ገበናውነትን ድሕነትን [CCV] ምስክር ወረቐት ዘለዎ እዩ።

Wonen Plus Welzijn

CCV-erkend BUURT BEMIDDELING

ምስ ጎረባብትኹም ዘይምርድዳእ ኣለኩም ድዩ?

BUURT BEMIDDELING

ብሓባር ክትፈትሕዎ ኣይከኣልኩምን ዲኹም?

# ሽምግልና ከባቢ Dijk en Waard

# ንዝሓሸ ናይ መነባብሮ ሃዋህው!



ሽምግልና ከባቢ Dijk en Waard ንዝሓሸ ናይ መነባብሮ ሃዋህው!



## ሓገዝ ሽምግልና ከባቢ ጸውዑ

### ብሓባር ፍታሕ ምርካብ

ምስ ጎረባብትኹም (ደጊም) ምቕዳው እንተድኣ ዘይብልኩም ኮይንኩምን፣ እቲ ቅርሕንቲ እናወሰኸ እንተድኣ ከይዱን እንታይ ይግበር? ንኣብነት ብሰንኪ ዓው ዝበለ ሙዚቃ፣ ዝነብሑ ኣኽላባት፣ ወይ ኣብ ጀርዲን ዝርከብ ዓቢይ ገረብ። መጀመርታ ምስ ነንሓድሕድ ምዝርራብ እቲ ዝበለጸ ምኽሪ እዩ። እዚ እንተድኣ ዘይሰሪሑ፣ ምስ ሽምግልና ከባቢ Dijk en Waard ርክብ ክትብገሩ ትኽእሉ ኢኹም።



ንሕና ድማ ክንሕግዝ ሕጉሳት ኢና። ዕላማ ሽምግልና ከባቢ፣ ምእንቲ ብሓባር ፍታሕ ክትረኽቡ ኣብ መንጎኹምን ኣብ መንጎ ጎረባብትኹምን ዝግበር ዝርርብ ምጅማር እዩ። ኣብዚ መስርሕ እዚ ድማ ግቡእ ስልጠና ዝወሰዱ ሽምገልቲ ከባቢ ክድግፍኹም እዮም።

## ሽምግልና ከባቢ ብኸመይ ይሰርሕ?

ምስ ጎረባብትኩም ግርጭት እንተሃልዩኩም፣ ብተሌፎን፣ ብኢ-መይል ወይ ድማ ነቲ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ዝርከብ ናይ መሓበሪ ቅጥዒ ተጠቒምኩም ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ድሕሪ ምሕባርኩም፣ እቲ ኣወሃሃዲ ምሳኹም ርክብ ክገብርን፣ ከምኡ እውን ኩነታትኩም ንወለንታዊ ሽምግልና ከባቢ ብቑዕ ምዃኑን ዘይምዃኑን ምሳኹም ክዘራረብ እዩ። ብድሕሪ እዚ ክልተ ሽምገልቲ ከባቢ ምሳኹም ቆጸራ ክሕዙ እዮም። ክበጽሕኹም ከመጽኡን፣ ከምኡ እውን ግዜ ወሲዶም ንዛንታኹም ክሰምዑን እዮም። ብድሕሪኡ እቶም ሽምገልቲ ከባቢ፣ ናታቶም ሽነኽ ናይቲ ዛንታ ንምስማዕ ብቐጥታ ናብ ጎረባብትኹም ክኸዱ እዮም። እቶም ሽምገልቲ ኣይፈርዱን እዮም፣ ከምኡ እውን ጸግዒ ዘይብሎም ገለልተኛታት እዮም። ንስኹምን ጎረባብትኹምን ብሓባር ንኽትዘራረቡ ፍቓደኛታት እንተድኣ ኮይንኩም ድማ፣ እቶም ሽምገልቲ ከባቢ ናይ ሽምግልና ዝርርብ ንምግባር ምስ ክልተኹም ቆጽራ ይሕዙ። እዚ ዝርርብ እዚ ኣብ ገለልተኛ ቦታ፣ ንኣብነት ኣብ ናይቲ ከባቢ ማእከል ማሕበረሰብ እዩ ዝካየድ። እቶም ሽምገልቲ ከባቢ፣ ንዓኹምን ንጎረባብትኹምን ንምድጋፍ፣ ብዛዕባ እቲ ዘጋጥመ ጸገም ንምዝታይን፣ ኣብ ሓባራዊ ፍታሕ ንምብጻሕን ኣብዚ ዝርርብ እዚ ክህልዉ እዮም።

### ባዕልኹም ዝርርብ ንምግባር ተበግሶ ምውሳድ

ብርግጽ ባዕልኹም (ዳግማይ) ዝርርብ ክትጅምሩ እውን ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ብኸመይ ብዝበለጸ ክትገብርዎ ከም እትኽእሉ ዝምልከት ግብራዊ ምኽርታት ድማ ኣብ መርበብ-ሓበሬታና ክትረኽቡ ኢኹም።